# ደብረ ታቦር 2016

## ነሓሰ 13 2016 ዓ.ም. 8/19/2024

ወተወለጠ ራእዩ በቅድሜሆሙ ወአልባሲሁኒ ኮን ፀዓዳ ከመ በረድ!

ንባባት፡ ዕብ 11:23-30, 2ጴጥ 1፡15-ፍ፥ ግ.ሓ. 7፡34-51; ማር 9፡2-10.

ምስባክ፡ ታቦር ወአርሞንኤን በስመ ዝአከ ይትፌስሑ ወይሰብሑ ለስምከ መዝራዕትከ ምስለ ኃይል፥እምባ ታቦርን ሄርሞንን ብስምካ ዕልል ይብሉ፥ንስምካ ኸአ የምስግኑ፥ቅልጽምካ ምስ ሓይልኻ መዝ. 89፡12-13።

2. ደብር ርጉዕ ወደብር ጥሉል፥ ለምንት ይትነሥኡ አድባር ርጉዓን ደብር ዘሰምሮ እግዚአብሔር የኃድር ውስቴቱ። እምባ ርጉእን ጥሉልን፥ ስለምንታይ ኢኹም ብቕንኢ እትትንሥኡ፥ እግዚአብሔር አብኡ ንዘለዓለም ክነብር እዩ መዝ. 69:15-16).

አብ ቅዱስ መጽሓፍ ደብረ ታቦር ዝብል አብ ክልተ ቦታ ንረኽቦ። 1. ካብ ከተማታት ዛብሎን ናይ ሌዋያን ከተማ ታቦር (1ዜና መ 6፡77) እትብሃል። 2. አብ ታሕተዋይ ገሊላ 8ኪ.ሜ ምስራቕ ካብ ናዝሬት ዘሎ ሎሚ ብጃባል አል ጡር (ኤር 46፡18፥ መዝ 89፡13) ብዝብል ዝፍለጥ። እዚ ጎቦ እዚ ንሰሜንን ንደቡብን ክትቐጻጸር ከምኡ ንጎላጉል ኤስድራኤሎን ብቐሊል ክትቆጻጸር ዝሕግዝ ገዛኢ ቦታ እዩ። ዴቦራ እትብሃል ነቢዩት ንባርቕ ወዲ አቢኖዓም ልኢኻ አብ ደብረ ታቦር ክእከቡ ነጊራቶ ዝብል አብ (ዘመሳፍንት 4፡6) ንረክብ። አብ ነቢይ ሆሴዕ ከአ ደብረ ታቦር ከም አምልኾት ጣኦት ዝገብረሉ ይዛረብ (5፡1)። አብ ትውፊት ክርስትና ደብረ ታቦር ወላ እኳ ብስም አይጸዋዕ እምበር አብ ወንጌላውያን (ማቴ 17፡1-8፥ ማር 9፡2-8፥ ሉቃ 9፡28-36) ተጠቒሱ ዘሎ ንደብረ ታቦር እዩ ዘስምዕ ዝብል እምነት አሎ።

ናይ ሎሚ ወንጌል ብዛዕባ ናይ ኢየሱስ ራእዩ አብ ደብረ ታቦር ከም ዝተለወጠ ይነግረና። እዚ ሃብታም ንአስተንትኖ ክፍሊ ወንጌል እዩ። አብ ቅዱስ መጽሓፍ ብዙሕ ጊዜ አብ እምባታት ዓበይቲ ነገራት እምነት ከም ዝተፈጸሙ ንርኢ። ብባህሪኡ ክንርእዮ ከሎና አብ ዝባን እምባ ጥዑምን ጽሩይን ንፋስ ነስተንፍስ፥ እቲ ጽቡቕ ፓናሮሚክ ራእይ ንመንፈስና ሓዲሱ ብዛዕባ አምላኽ ከም እንሓስብ ይገብረና።

ርእሲ እምባ ባህርያዊ ቦታ ንአምላኽ ክትረኽበሉ እትኽእል እዩ። አብ ቅዱስ መጽሓፍ አምላኽ አብ ርእሲ እምባታት ንደቂ ሰባት ብዛዕባ ርእሱን ድለታቱን መደባቱን ከም ዝገለጸ ንርኢ። ካብዚ ዝተላዕለ እምባታት ቅዱሳት ቦታታ ኮይኖም ኩሉ ጊዜ ዓበይቲ ነገራት አብኦም ይፍጸም። አብ ደብረ ሲና አምላኽ ዓሰርተ ትእዛዛት ንሙሴ ሂብዎ ነብያት ከም ኤልያስ (አብ እምባ ቀርነሌዎስ) ምስ አምላኽ ተዛሪቦም። አብ ሓዲስ ኪዳን ኢየሱስ ናይ መጀመርያ ትምህርቱ አብ እምባ ሂቡ፥ አብ እዋን ለይቲ አብ እምባ ደይቡ ይጽሊ ነሩ፥ አብ እምባ ቀራንዮ ተሰቒሉ፥ ካብ እምባ ንሰማይ ዓሪጉ። አብ ምድራዊ ሕይወት ኢየሱስ እምብአር እምባታት ዓበይቲ ፍጻሜታት ዝተገብረሎም እዮም።

አብ ሃገርና ነዚ መሰረት ብምግባር መብዝሕትኦም ገዳማት ብዙሓት አበው ቅዱሳን ዝነበሩሉ አብ እምባታት እዮም ተደኲኖም ዘለዉ ንአብነት ገዳም ስላሴ(ጻዕዳ እምባ) ደብረ ቢዘን፥ ደብረ ሲና. . . . ፥ አብ እምባታት ጽምዋ ከምኡ ዝኾነ ጫውጫውታ ስለ ዘይርከብ ንአስተንትኖ ምቹእ ኩነታት ይፈጥሩልና። አብ እምባ ኮንካ ዋሕስ ድሕነት አሎ ጻላኢ ብቐሊል ከጥቅዓካ

አይክእልን እዩ። እዚ ኹሉ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት ሰባት ናብ ኣምላኽ ዘቕርብ ነገራት ኣለዎ ስለዚ ሓፍ ዝበለ ቦታ ካብ ምድራዊ ሕይወትና ወጺእና ብመንፈስ ኣብ ኣምላኽ ክንቀርብ ይሕግዘና።

ማርቆስ ወንጌላዊ ነዚ ናይ ኢየሱስ ራእይ ምልዋጥ ኣብ ማእከል ወንጌሉ እዩ ኣስፊሩ ዝነግረና እዚ ኸአ ብዘይ ምኽንያት ኣይ ኮነን። ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ንሱ መን ምዃኑ ክርድኡን ክፈልጡ ኢሉ ደጋጊሙ ብዝተፈላለየ መገዲ ገሊጽሎም። እንተ ኾነ ሓዋርያት ዝተረድኦም ኣይ መስልን ስለዚ ነዚ ናይ ኢየሱስ ራእዩ ምልዋጥ ኣብ ደብረ ታቦር ብፍሉይ ራእዩ ከምዝተለወጠ ይነግረና።

ኢየሱስ ኣብ ደብረ ታቦር ኣብ ቅድሚ ሰለስተ ሓዋርያቱ ራእዩ ተለዊጡ። እዞም ሓዋርያት ኣብ ገተሰማኒ ኣብ እዋን ጓሂኡ እውን ምስኡ ክህልዉ እዮም። እዚ ናይ ራእይ ምልዋጥ ነቲ ዝመጽእ ስቓይን ሕማማን ምቅርራብ ክጠቅም ንማለት እዩ ተገሩ። ሙሴን ኤልያስን ብዛዕባ ዝመጽእ ሞቱ ምስኡ ክዛረቡ ተራእዮም። ሙሴ ዝዓበየ ነብይ ሕጊ ኣምላኽ ተቐቢሉ ዝሃበ እዩ፥ ኤልያስ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ነብያት እዩ። እዞም ክልተ ንኦሪትን ነብያትን ስለ ዝውክሉ ምሉእ ግለጸት ኣምላኽ እዩ ዘመልክት። ማርቆስ ወንጌላዊ ኢየሱስ ምልአት ናይ መልኮታዊ ግልጸት ምዃኑ እዩ ዝገልጽ። ነዚ ዝኾነ መግለጺ ወይ ቃል ኣየድልን ምኽንያቱ እቲ ምልክት ካብ ሕይወት ዝዓበየ ስለ ዝኾነ። ኣብ ቅድሚ እዞም ክልተ ንሕግን ንነብያትን ዝውክሉ ድምጺ ካብ ሰማይ ካብ ኣብኡ እዚ ዘፍቅሮ ወደይ እዩ፥ ንእኡ ስምዕዎ ዝብል ተሰሚዑ። ኣብዚ እንርእዮ ካብ ብሉይ ኪዳን ናብ ሓዲስ ኪዳን ከመይ ኢሉ ቀስ ብቐስ ከም ዝተመሓላለፈ።

ኢየሱስ ንብሉይ ኪዳን ክምልእ እምበር ከጥፍእ ኣይመጸን። በዚ መሰረ እምብአር ክርስትና ኣብ ዕለታዊ ሕይወት ዘይርአ ሕቡእን ምስጢራውን ወይ ሕግን ዓምዲ እምነትን ጥራሕ ዝሓዘ ኣይኮነን፥ ኣብ ግብሪ ኣብ ዕለታዊ ሕይወት ክርአ ዘለዎ ሕያው እምነት እዩ። ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ ዝኾነ ንሱ መገድን ሓቅን ሕይወትን እዩ። ንአኡ ክንሰምዖን ክንክተሎን ኣሎና። መልእኽቲ ዕብራውያን ከም ዝብለና ቀደም ነቦታትና ብነብያት ገሩ ተዛረቦም፥ ኣብዘን ዳኅረዎት መዓልታት ግን ንአና በቲ ወራሲ ኵሉ ዝገብሮ ብአኡውን ንዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገሩ ተዛረበና (1፡1-2)።

ናይ ኢየሱስ ራእዩ ምልዋጥ ቀንድን ማእከል ምስጢር ሕይወቱን ከም ዝኾነ ንርኢ። ክሳብ እዛ እዋን ኵሉ ቀጻልን ንዝበለጸ መገድን ይጉዓዝ ነሩ፥ ብሰብከቱን ብተኣምራታቱን ልቢ ብዙሓት መሲጡ ብዙሓት በቲ ዝብሎን ዝገብሮን ዝነበረ ኣሚኖም እኳድአ ንጉሥ ክገብርዎ ይደልዩ ነሮም፥ ከምዚ ዝበለ ነብይ ኮቶ ኣብ ኢስራኤል ኣይተራእየን እናበሉ ይዛረቡ ነሮም። ኣብኡ ዝነበሮም ትጽቢትን ኣኽብሮትን ዓቢ እዩ ነሩ፥ እንተኾነ ካብ ሕጂ ካብ እምባ ናብ ሽንጥሮ ናብ ገተሰማኒ ኣብ ቀራንዮ ገጹ ክኸይድ እዩ። እዚ ናይ ራእዩ ምልዋጥ ናይቲ ዝጓነፎ ክብሪ ጣዕሚ ምልክት ሂቡ በዚ ምኽንያት ነቲ ከቢድ መስቀል ክጸውርን ነቲ ዝወርዶ ስቓያትን ውርደትን ብመንጽር እዚ ክብሪ ክርእዮ ክኢሉ። ልዕሊ ኹሉ እዚ ናይ ራእዩ ምልዋጥ ኣብኡ ዘሎ ናይ ሰማይዊ ኣብኡ ፍቕሪ ገሊጹ። ኣብ ጥምቀቱ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ኣብኡ ከምዚ እናበለ ፍቕሩ ገሊጹ እዚ እቲ ዘፍቅሮ ወደይ እዩ። ሕጂ ኸአ እዚ እቲ ዘፍቅሮ ወደይ እዩ ስምዕዎ ይብል።

ነቶም ሰለስተ ሓዋርያት እዚ ናይ ብሓቂ ንዝልዓለ ነገራት ክርድኡ ዝሕግዝ ተመክሮ እዩ ነሩ። ቅድሚ ሕጂ ከምዚ ኮይኑ ርእዮሞ ኣይፈልጡን። ጴጥሮስ ካብ ተሓጓስ ዝተላዕለ መምህር ንአና ኣብዚ ምንባር ጽቡቕ እዩ ሓደ ንአኻ ሓደ ንሙሴ ሓደ ንኤልያስ ሠለስተ ዳስ ንስራሕ በሎ። እዚ ግን ኣይ ኮነን። እዚ ኹሉ ንክኸውን ዘለዎ መቀራረቢ እዩ ነሩ። ምስ ኢየሱስ ኮይኖም ካብቲ ጎቦ ወሪዶም ኣብቲ ሽንጥሮ ምስኡ ኣብ ገተሰማኒን ኣብ ቀራንዮን ክወርዱ ኣለዎም። ኣብ እምባ

ታቦር ክወርዱ ኣይደለዩን፥ ኣብ ገተሰማኒን ምስኡ ክጸንሑ ኣይደለዩን። ኢየሱስ ምስ ተታሓዘ ኩሎም ሃዲሞም።

ኣብ ርእስና ተመሊስና እንተ ረኣና ከም ሓዋርያት ምስኡ ክንጸንሓሉ እንደልን ካብኡ እንሃድመሉን እዋናት ኣሎ። ምስኡ ክነብር ንደሊ እንተ ኮነ ፈተናን ጭንቅን ምስ መጽኣና ሓዲግናዮ ንሃድም። ኢየሱስ መድሃኒና ዘተስፈወና ናይ ዕምባባታት ገነት ኣይኮነን ገነት ኣውልዕን ኣኽሊል መሳለቚ እሾኽን እዩ። ክስዕበኒ ዝደሊ ዕለት ዕለት መስቀሉ ጸሩ ይስዓበኒ ኢሉና እዩ።

ኣብ እምባ ደብረ ታቦር ዝተፈጸመ ንሓዋርያት ዝለዓለ ተመክሮ ንመጻኢ ዝኻነፎም ማእሰርትን ፍርድን ንምቅርራቦምን እዩ። እነዕርጎ መዓልታዊ ውዳሴና ከም ናይ ሓዋርያት ዝለዓለ ተመክሮ ነቲ ኣብ ዕለት ዕለት ዝኻነፈና ፍርዲ ጸገማት ፈተና እዩ። መስዋዕቲ ቅዳሴ ንግዳማዊ ለውጢ (Transfiguration) ወይ ተሓድሶ ኣይ ኮነን ንመሰረታዉን ምሉእ ተሓድሶ ጨሪሽካ ምልዋጥ (Transubstantiation) እዩ። ህብስትን ወይንን ኣብ ብኽብሪ ዝተንሥኤ ኢየሱስ ይቕየር ንሕና እውን ነዚ ተቐይሮ ኢና እንጅምር ኣብ መዓልታዊ ቅዳሴና። ካብ መኣዲ ሥጋኑ ወደሙ ክንሳተፍ እንከሎና ሓጎስን ምሉእ ምትእምማንን ለቢስና ከም ጴጥሮስ ጎይታና ኣብዚ ምሳኻ ምንባር ይሕሸና ኣብ ምባል ክንበጽሕ ኣሎና። መቐረትን ጣዕሚ መድኃኒና ስለ ዘስተማቐርና ክንከይድ ኣይንደልን ኢና። ግን ንወጽእ ንኸይድ። ኣብ ምውዳእ ቅዳሴ ብሰላም እተዉ ኩዱ ወንጌለ መንግስት ስበኹ እናበለ ካህን ንሓዲስ ጉዕዞ ሕይወት ክንጅምር የሰናብተና። ሽዑ መሰቀልና ነልዕል ኣብ ፈተናን ፍርድን ዓለም ክንኣቱ ንብገስ። ኣብ እምባ ስለ ዝደየብና ንኹሉ ንፈልጦ ኢና ከምቲ ጳውሎስ ዝብሎ “ካብቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣቢሉ ዝተገልጸልና ፍቕሪ ኣምላኽ ወላ ሓደ ክፈልየና ዝኽእል የለን” ኣብ ምባል ክነብጽሕ ኢና።

ዕለተ ደብረ ታቦር እምብኣር ዕለተ ተሓድሶ ብኹሉ እያ። ንኣምላኽ ምሉእ እምነትና እንገልጽሉ ንዝኣረገ ጠባያትናን ኣተሓሳስባናን ቀይርና ምስ ኢየሱስ ብሓዲስ መንፈስ ክነብር እንውስነሉ እዩ። ካብ እምባ ከፍኣትና ወሪድና ምስ ክርስቶስ ኣብ ጎበ ቀራንዮ ዓሪግና ንሓዲስ ትንሣኤ ንበገስ።

ኦ ክርስቶስ መድኅነይ ሕይወተይ ዝቕይረሉ ጸጋ ዓድለኒ!

ርሑስ ብዓል ደብረ ታቦር 2016 ዓ.ም.

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ